ምልክታ.ኮም

ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ንውጉኣት ተጋደልቲ ንፅሬት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፋላለዩ ናይ ፅሬት ኣቁሑት ብግልጺ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 3, 2016 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ነሓሰ 6, 2016 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ነሓሰ 6, 2016 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/

<u>ንካልኣይ ጊዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ</u>

ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ንውጉኣት ተጋደልቲ ንፅሬት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፋላለዩ ናይ ፅሬት ኣቁሑት ብግልጺ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቋሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

1) ተጫረቲ ንሕና(ማ/ተ/ሰ/ትግራይ መለስ ካምፓስ) ዝመረጽናዮ ሳምፕል መሰረት ክቅርቡ ይግባእ።

2) ተጫረቲ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድን (ቲን ናምበር) ናይ ኣቅራባይነት ፍቃድን ዘለዎምን ኣድላዪ ዶክሜንትን ምስቲ ሰነድ ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ይግባእ።

3) ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ሰነድ ብዘይ ስርዝ ድልዝ ንጹር ዋጋ መሊኦምን ፈሪሞምን ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርቡን ኣብ ኣመላልኣ ዋጋን ስፕስፊኬሽንን ንዝፈጠርዎ ጌጋ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ፈሊጥኹም ብጥንቃቄ ክትመልኡ ይግባእ ።

4) ተጫረቲ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ብዝተዳለወ መምልኢ ዋጋ ኣብ ባዕሉ መሊእኹም ካብ ዕለት 02 /11/2016 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 06/12/2016 ዓ/ም ጨረታ ዝዕፀወሉ ግዜ ኣብ ዕደጋ ክፍሊ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ይግባእ።

5) ተጫረቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ስፐስፊኬሽን በቢ በይኑ ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

6) ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዓይነት ግልጋሎት ብዝተኣዘዘ ግዘ ፣ መጠንን ፅሬትን መሰረት ክኸዉን ይግባእ።

7) እቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውዎ ዕለት 06/12/2016 ዓ/ም ቴክኒካል

ስፔስፊኬሽን ቅድሚ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ 4:30 እንትኽፈት እቲ ፋይናንሻል ስፔስፊኬሽን ድማ 5:00 ሰዓት ይኽፈት።

8) ናይ ጨረታ መኽበሪ 100,000 ( ሓደ ሚኢቲ ሽሕ) ቕርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ሽም ብዝተዓሸገ ፖስታ ከእትዉ ይግባእ።

9) ተጫረቲ ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 150(ሓደ ሚኢትን ሓምሳን) ቕርሺ ኣብ ናይ ትካልና ፋይናንስ ብምኽፋል እቲ ሰነድ ካብ ዕደጋ ክፍሊ ክወስዱ ይግባእ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10) ተጫረቲ ማህተም ዘለዎ ምሉእ ኣድራሽኦምን ስልኪ ቑፅሮምን ከቐምጡ ኣለዎም።

11) ተጫረቲ ናይ ቫት ተመዝጋቢ ሰርተፍከት ኮፒ ከተሓሕዙ ኣለዎም ተቕርብዎ ዋጋ ድማ ቫት ዝሓውስን ዘይሓውስን ምዃኑን ክግለፅ ኣለዎ። እንድሕር ዘይገሊፁ ቫት ዝሓወሰ ሙዃኑ ይፍለጥ።

12) ሰዓራይ ጨረታ ነቲ ዘሸነፎ ዓይነት ግልጋሎት ውዕሊ ኣሲሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ጠቅሊሉ ኣታዊ ይገብር።

13) ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብውሱን ወይ ኸዓ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ።

NB እዚ ጨረታ እዚ ንሓደ ጊዜ ጥራሕ ምዃኑ ክፈልጡ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle